**ሕግታት ብኩራትን፣ ፍቓድን ዕረፍትን ዓመታዊ ዕረፍቲ በዓላትን ኣብ መደብ ኢንትር**

ሕግታት ብኩራት ኣብ መደብ ኢንትሮ ምስቶም ሕግታት ብኩራት ኣብ ስራሕ ዓለም ዘገልግሉ ብብዙሕ መንገዲ ይመሳሰሉ እዮም። እታ ሓንቲ ፍልይቲ ሕጊ ፡ ኣብ ኢንትሮ ብሰንኪ ሕማም ብኸፊል ከተብኩር ኣይትኽእልን ኢኻ። መምርሒ ን ብፍቓድ ምብኳር ዝምልከት ርእሱ ዝኽኣለ ንተሳታፍቲ መደብ ኢንትሮ ዘገልግልካ ብናይ ስራሕ ዓለም ዝተፈለየ ዝተዳለወ ኣሎ። ንኣብነት ናይ ስራሕ ዕድል እንተረኺብካ እሞ ከኣ ምሉእ ሰዓታት ዘለዎ፣ ነቲ መደብ ኢንትሮ ብ ፍቓድ ዕረፍቲ  ክወሃበካ ይከኣል ኢዩ።

ኣብ ዝሓመምካሉ ግዜ ነቲ ምምሕዳርካ፣ መምህርካ ወይ ናይ ፕራክሲስ ወይ ስራሕ ብዝቐልጠፈ ክትሕብር ኣለካ ከምዘይትመጽ ምኽንካ።

ብቑዕ ምኽንያት ብኩራት እንተሃልዩ ካብ መደብ ኢንትሮ ንዝውሃበካ ሓገዝ ንክይተቆረጸካ መሰል ይህበካ። እንተድኣ ኤገንሜልዲንግ (ባዕልኻ ትወስዶ ናይ ሕማም ዕረፍቲ) ዘይተጠቐ ምካ ወይ ብሓኪም ዝውሃብ መረጋገጺ ወረቐት ዘይኣቕሪብካ ወይ ድማ ፍቓድ ዕረፍቲ ሓቲትካ ከተቡኩር ዘይተፈቒዱልካ ፡ ናይተን ዘብኮርካየን ሰዓታት ወይ መዓልትታትካ በቲ ዝውሃበካ ሓገዝ ክቑረጸልካ እዩ። እዚ ከኣ ከም ዘይብቑዕ ወይ ዘይ ምኽንያታዊ ብኩራት ይቑጸር ። ዘይብቑዕ ብኩራት ምሕዳግ መሰል ምስታፍ መደብ ኢንትሮን ፡ ምቁራጽ ሓገዝ ኢንትሮን ከስዕበልካ ይኽእል እዩ።

**ስራሕ**

ቀዋሚ ምሉእ ስራሕ ክወሃበካ ዕድል እንተ ደኣ ረኺብካ፣ ናብ ኮሙነ ምስ ኣመልከትካ ነቲ መደብ ኢንትሮ ብፍቓድ ዕረፍቲ ክትወስደሉ መሰል ኣለካ። ሓደ ግዜ ወይ ብዙሕ ግዜያት ዕረፍቲ ብፍቓድ ክወሃበካ ይክእል ኢዩ፣ ግን ብጠቕላላ ክሳብ ሓደ ዓመት ክወሃበካ ይከኣል ኢዩ ኣብ ግዜ ምስግጋር ናብ ስራሕ ዓለም። እዚ መሰል ዕረፍቲ ናይ ስራሕ ዕድል ምስ ረኸብካ ኣብቲ ትቕመጦ ኮሙነን ኣብ ካልእ ኮሙነ ውን የገልግል ኢዩ። ኣብዚ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ግን ናይ ሓገዝ ኢንትሮ ኣይፍቀደካን ኢዩ።

እቲ ናይ ስራሕ ዕድል ድማ ዕረፍቲ ከም ዘድልየካ ዝጠልብ እንተ ኮይኑ፣ እቲ ናይ ውልቃዊ መደባትካ ክቅየር ኢዩ ኣብቲ ግዜ ዕረፍቲ። ኣብ ግዜ ዕረፍቲ እንከለኻ ድማ ምክትታል ክግበረልካ ኢዩ፣ ከምኡ ውን ምስቲ ኣማኻሪ ናትካ ቅድሚ ኣርባዕተ ሰሙን ዕረፍትኻ ከይ ተወደአ እንከሎ ዝርርብ ክህልወካ ኢዩ፣ ሽዑ ድማ ክትሕተት ኢኻ ነቲ መደብ ኢንትሮ ዝጀመርካዮ ክትቅጽሎ ትደሊ ዲኻ ዝብል ኢዩ። ክትቅጽል እንድሕር ኮይኑ መደባትካ ግን ድሕሪ ናይቲ ዕረፍቲ ግዜ፣ ኣብቲ ናይ ውልቃዊ መደባትካ እንታይ ከም ዝኸውን መደባትካ ክሰፍር ኢዩ። እንድሕር ክትምለስ ደሊኻ ናብ ኢንትሮ ቅድሚ ዕረፍትኻ ምውዳኡ ግን ከተምልክት ኣለካ ናብ ኮሙነ።

**ሕማም**

እንተድኣ ሕማምካ ወ ይ መጉዳእትኻ ኣብ መደብ ኢንትሮ ንምስታፍ ዝዓግተካ ኮይኑ ብኤገንሜልዲንግ ወይ ሓኪም ብዝህበካ ዕረፍቲ ካብ መደብ ኢንትሮ ከተቡኩር ትኽእል ኢኻ። ኤገንሜልዲንግ ብጽሑፍ ወይ ብቓል ንኮሙነኻ ፡ ወይ ንማእከል መደብ ኢንትሮ ፡ ወይ ንኣምኻሪ መደብካ ወይ ንመምህርካ ከም ዝሓመመካ ብምሕባር ክትጥቀመሉ ትኽእል።

• 8 ሰሙን  ኣብ መደብ ኢንትሮ ድሕሪ ምስታፍካ'ዩ ፡ ኤገንሜልዲንግ ክትጥቀም መሰል ዝህልወካ። ኣብተን ቀዳሞት 8 ሰሙን እንተድኣ ብሕማም ምኽንያት ክትሳተፍ ዘይኪኢልካ ፡ ናይ ሓኪም መረጋ ገጺ ወረቐት ከተቕርብ ኣሎካ።

• ባዕልኻ ትወስዶ ናይ ሕማም ፍቓድ ክሳብ 4 ግዜ ኣብ ዓመት ናይ ምጥቃም ዕድል ኣሎካ ። ኣብቲ ባዕልኻ ትወስዶ ናይ ሕማም ፍቓድ ኣብ ሓደ እዋን ክሳብ ሰለስተ መዓልቲ ክትጥቀም ትኽእ ል።

• ካብ ሰለስተ መዓልቲ ንላዕሊ እንተ ሓሚምካ ካብ ሓኪም ናይ ሕማም መረጋገጺ ወረቐት ከተቕርብ ኣሎካ ። ከምኡ 'ውን እንድሕር ኤገንሜልዲንግ ኣርባዕተ ግዜ ኣብ ወሽጢ እቲ ዉሱን ግዜ ተጠቒ ምካ መረጋ ገጺ ወረቐት ካብ ሓኪም ከተቕርብ ኣሎካ ።

እንድሕር   ሓደ ወይ ክልተ ቆልዑ ሃልዮሙኻ እሞ ምስ ዝሓሙ ክሳብ 10 መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ኣብ ገዛ ምስኦም ክትውዕል ትኽእል ኢኻ። ካብ ክልተ ቆልዑ ንላዕሊ እንተሃልዮሙኻ ኣ ብ ዝሓሙሉ እዋን 15 ነጻ መዓልትታት ካብ መደብ ኢንትሮ ምስታፍ መሰል ኣሎካ ። ከምኡ 'ውን ኣላዪ ደቅኻ በይንኻ ኬንካ 'ሞ ሓደ ወይ ክልተ ቆልዓ ኣልዮሙኻ ናይ 20 ነጻ መዓልትታት ኣለካ፡ ካብ ክልተ ቆልዑት ንላዕሊ ምስ ዝህልዉኻ ከኣ፡ ናይ 30 ነጻ መዓልትታት መሰል ኣለካ። እዚ መሰላት'ዚ ውን እንድሕር ኣላይት ቆልዑ ሓሚማ  የገልግል እዩ። እንድሕር እቲ ብኩራት ካብ 3 መዓልቲ ንላዕሊ ኮይኑ እቲ ኮሙነ ውላድካ ወይ ኣላይት ውላድካ ሓሚማ ከም ዝነበረት ናይ ሓኪም መረጋገጺ ከተቕርብ ክሓተካ ይኽእል እዩ።

**ምምልካት ብዛዕባ ብፍቓድ ምብኳር**

ፍቓድ ብኩራት ድሕንነት ንኣብነት ናብ ሓኪም ወይ ሓኪም ስኒ ንምኻድ፡ ናይ ስራሕ ቃለ መሕትት ክትገብር ወይ ካልእ ፡ ዝክኣል እንተኾይኑ ንኮሙነ ንክውሃበካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ከምኡ'ውን ቆልዓ ትምህርቲ ወይ መዋእለ ህጻናት ኣብ ዝጅምረሉ ፡ ወይ

ናይ ቀረባ ቤተሰብ ሞት ኣብ ዘጋጥመሉ ፡ ወዘተ ፍቓድ ብኩራት ድሕንነት ክውሃበካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ዝያዳ ሓበሬታ ካብ ናይ’ዚ መደብ ኣመኻሪ ክትረክብ ትኽእ ልኢኻ። ንስኻ ወይ ውላድካ ንነዊሕ ኣብ እትሓምሉ ፡ ሓኪም ብዝህበካ መረጋገጺ ወረቐት መሰረት ፍቓድ ብኩራት ካብ መደብ ኢንትሮ ከተመልክት መሰል ኣሎካ ። ፍቓድ ብኩራት ክሳብ ሓደ ዓመት ብዘይ ናይ ኢንትሮ ደሞዝ ክፍቀደልካ ይከኣል እዩ።

እንተድኣ ቆልዓ ንምውላድ ኮይኑ ግና ነዚ ዘገልግሉ ፍሉያት ሕግታት ፍቓድ ብኩራት ሓገዝ እንዳ ተወሃበካን ፡ ብዘይ ሓገዝን ኣለዉ። ኣቦታት’ውን ምስ ምውላድ ቆልዓ ዝተሓሓዝ መሰላት ኣለዎም። ናይዚ መደብ ኣመኻሪ ኣድላዪ ሓበሬታታት ክህበካ ይኽእል እዩ።

**በዓላትን ቀዳመ ሰንበትን**

ንኩልኻትኩም ቀዳምን ሰንበትን ዕረፍቲ ካብ መደብ ኢንትሮ ኣለኩም።

ኩሎም ተሳተፍቲ ኢንትሮ ኣብዘን ዝስዕባ መዓልትታት ህዝባውያን በዓላት ዕረፍቲ ኢዮም - ንሳቶም ድማ 1ን 17 ግንቦት፣ ሓድሽ ዓመት፣ ሓሙስ ጽግቦ፣ ዓርቢ ስቕለት፣ ጽባሕ ፋሲካ፣ ዕርገት፣ ጽባሕ በዓለ መንፈስ ቅዱስ፣ መዓልቲ ልደትን ጽባሕ መዓልቲ ልደትን።

እንድሕር ኣባል ቤተክርስትያን ኖርወይ እንተዘይኮንካ፣ ሃይማኖታውያን በዓላት ንምብዓል ናይ እንትሮ ደሞዝ እንዳ ተወሃበካ ክሳብ ክልተ መዓልቲ ኣብ ዓመት ዕረፍቲ ክትወስድ መሰል ኣሎካ። ግን ኣቐዲምካ ነቲ ምምሕዳርካ ኣቐዲምካ ክልተ ሰሙን (14 መዓልትታት ናይ ስራሕ ማለት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ዘለዉ) ብዛዕባ’ዚ ን ኮሙነ ክትሕብር ኣለካ።

ዓመታዊ ዕረፍቲ

ዓመታዊ 25 መዓልትታት ናይ ዕረፍቲ መሰል ኣለካ። እቲ ዕረፍቲ ንመዓስ ከም ትወስዶ ድማ እቲ ምምሕዳርካ ኢዩ ዝውስነልካ።ኣብ እዋን ዕረፍትኻ ናይ ኢንትሮ ደሞዝ ክወሃበካ መሰል ኣለካ።